## ብዘይመስርዕ ዝተሳዕረ ሕጊ (*ኣንቀጽ 93*)
## ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ።

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ፡ ኣብ ርእሲ ቅዱስ ፓትርያርክ ሃገረ ኤርትራ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ቀዳማዊ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት፡ ንዝወሰድዎ ካብ ስልጣን ፓትርያርክ ናይ ምእላይ ዘሕይጋዊ ውሳኔ፡ ኣብ 1995 ዝወጸ፡ ሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ኣንቀጽ 93 ብምጥቃስ እዩ።

እቲ ሕጊ ከም ዘለዎ ከምዚ ዚስዕብ እዩ ዝብል።

*“እቲ ፓትርያርክ ንሃይማኖት ተዋህዶ ኮነ፡ ንትምህርተ መለኮት ዘፋልስ፡ ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ዘይሕሉ፡ መዓርጉ ዘጽርፍ፡ ኮይኑ እንተ ተረኺበ፡ ብሲኖዶስ ምስ ተጻንዐ፡ ብናይ ሲኖዶስ ውሳኔ፡ ካብ መዓርጉ ከም ዝወርድ ይግበር። ካብ መዓርጉ ቅድሚ ምውራዱ ግና፡ ምእንቲ መሰሉ ክከራኸር መሰሉ ሕልው እዩ። ኣንቀጽ 93 ገጽ 58* ።

*ካብ መዓርጉ ቅድሚ ምውራዱ ግና፡ ምእንቲ መሰሉ ክከራኸር መሰሉ ሕልው እዩ።* ዝብል ሓረግ፡ ቅዱስ ፓትርያርክና ኣበየናይ ጉባኤ ናይ ሲኖዶስ እዮም ደው ኢሎም ንጉዳዮም ናይ ምሕታትን ናይ ምክልኻልን መሰል ተዋሂብዎም?

ስለዚ መሰል ሓደ ሰብ ዘይኮነስ መሰል ቅድስና ቤተ ክርስቲያን ስለ ዝተደፍረ ቀኖናን ስርዓትን እታ ቤተ ክርስቲያን ስለ ዝተሳዕረን ምእመናን እዛ ቅድስትን ሓዋርያዊትን ቤተ ክርስቲያን ንእምነትና ደው ክንብል ይግባእ።

እዚ ጽሑፍ ብግልጺ ኩሉ ምእመን ክፈልጦ ስለ ዝግባእ፡ እዚ ሕጊ መመሓደሪ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ካብቲ መሰረታዊ ሕጊ ናይ ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያን ዘይወጸን ምስቲ ናይ ሕጊ ቀኖና ቤተ ክርስቲያን ተማእኪሉ ክርአ ይግባእ።

ብመሠረቱ ቀኖናዊ ሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን፡ ፍትሕ መንፈሳዊ፡ ዲድስቅልያ፡ ሰለስተ ዓበይቲ ጉባኤ ቤተ ክርስቲያን (ጉባኤ ኒቅያ፡ ጉባኤ ኤፌሶንን፡ ጉባኤ ቁስጥንጥንያን፡) ፓትርያርክ ብጳጳሳቱ ተኸሲሱ ክወርድ ከም ዘይክእል ብግልጺ ኣስፊርዎ ኣሎ።

ቅዱስ ሲኖዶስ ክበሃል እንከሎ፡ ቅዱስ ፓትርያርክ እንተዘይመርሖ ሲኖዶስ ኣይበሃልን። ስለዚ እቲ ሲኖዶስ እናተባህለ ዝዝረብን ዝጸሓፍን ዘሎ፡

ኣኼባ ጳጳሳት ምስ ኣቶ ዮፍታሄ ድሜጥሮስ ተባሂሉ ክጥቀስ ይግባእ። ከመይ ፓትርያርክ ዘይብሉ ምእመን ዝሳተፎ፡ ብቅድስና ቤተ ክርስቲያን ዝምራሕ ሲኖዶስ ኣብ ዓለም የለን።

ስለዚ ኣብ ርእሲ ቅዱስ ፓትርያርክ ሃገረ ኤርትራ ዝቐረበ ክሲ ብትሕዝቶኡ ኮነ ብ ኣቀራርብኡ መንፈሳዊ ትሕዝቶ ዘይብሉ ኢዩ። እስከ እቲ ኣባላት ሲኖዶስ ጠቒሰምዎ ዘለዉ ዓንቀጽ 93 ንርኣዮ። ነቲ *ወኢይትወከፉ፡ ላዕለ ሊቀ ጳጳሳት፡ ውዴተ ኣሓዱ እምጳጳስ ምንተኒ እምጳጳሳቲሁ፡ እለ ታሕተ እዴሁ፡ ኣው ለእመ ተረክበ ምንትኒ እምኣበሳት፡ ዘእንበለ ይምጻእ ሊቀ ጳጳሳት ካልእ። ዘኒቅያ ፶*

*ትርጉም፦ ኣብ ትሕቲ ሓደ ሊቀ ጳጳሳት (ፓትርያርክ) ዝርከቡ ጳጳሳት ክሲ ሊቀ ጳጳሳት ሰማዕቲ ተቐበልቲ ክኾኑ ኣይግባእን። ፓትርያርክ ጉድለት እንተ ተረኺቡውን፡ ናይ ካልእ ኣሓት ኣብያተ ክርስቲያን ፓትርያርክ ከይፈለጠን ብኣካል ከይተሳተፎን ፈጺሞም ክውስኑ ኣይክእሉን። ቀኖና ኒቅያ 50*

ዝብል ንከባቢ 2000 ዓመታት ዝመጸ ንጥንታውነትን ሓዋርያውነትን ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና ዘነጽር ሕጊ ቅዱሳን ኣቦታት፡ 318 ርቱዓነ ሃይማኖት፡ ስለ ዝጠሓሰ ሕጋውነት ዘለዎ ሲኖዶስ እዩ ኢልካ ምዝራብ ግህሰትን ንዕቀትን ቅዱሳን ኣቦታትን ሃይማኖት ተዋሕዶን እዩ።

እቲ ውሳኔ ነዚ ኣንቀጽ 93 ጥራይ ኣይኮነን ጥሒሱ ዘሎ፡ ንመላእ ቀኖናን፡ ስርዓትን፡ ናይ ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያን ናይ ዓለም ዝጠሓሰ ብምዃኑ፡ ኣመንቲ ንሃይማኖትና ብትግሃት ደው ክንብል ይግባእ።

እግዚኣብሔር ብደሙ ዘጥረያ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ይሓሉ።

ፈጻሚ ምምሕዳር ጉባኤ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ።